## ዓመታዊ ውራይና ወራይ ምዕራባዊ ዞባ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ

## ፈስቲቫል ኤርትራውያን 2016 ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርኒያ።

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ፈተውቲ ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ነባሮ ምዕራባዊ ዞባ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ፡ ብፍላይ ከኣ ተቐማጦ ከባቢ በይ ኤርያ (Bay Area) ብቐዳምነት ኣብ ከተማ ሳንሆዘ፡ ኦክላንድ ሳንፍርንቸስኮ ሳንታ ሮዛን ካልኦት ከተማታትን እትርከቡ ኩሉኹም ኣቦታትን ኣደታትን፡ ኣሓትን ኣሕዋትን ብፍልይ ዝበለ መንእሰያትና፡ ድሕሪ ሃገራዊ ሰላምታ ምቕራብ፡ ብዛዕባ እዚ ዓመት መጸት እነብዕሎ ፈስቲቫልና ገለ ክብል እፈቱ።

ንሕና ኤርትራውያን ብባህልና ንሕበን፡ ብሓድነትና ንኾርዕ፡ ብስራሕና ንዓግብ፡ ብጠባይና ንኡዳት፡ ሓላፍነት ዝስማዓና ህዝብቢ ኢና። ኣብ ዝኸድና ከድና መንነትና ክንዕቅብ ብትሪ ንጽዕር፡፡ ናብ ሓድሽ ዎሎዶ ከነተሓላልፎ ከኣ ንሰርሕ። ካብቲ ሓደን ኣዝዩ ኣገዳሲ መስርሕ ነዚ ዝተጠቕሰ ባህልታት ዕዉት ውጺኢት ክህበና ዝኽእል እዚ ኣብ ዓዓመቱ ንገብሮ ሃገራዊ ፈስቲቫል እዩ። መንጸብረቕታ እንታውነትና ዝገልጽ ንዘይፈልጡና፡ ከም ዝፈልጡና ዝገብር፡ ብዓቢኡ ከኣ ነንሕድሕድና ዘራኽብን ዝምህርን ዘዘናግዕን ፍቕሪናን ፍቕሪ ሃገርናን ዘደልድል ፈስቲቫል ኣዩ።

እዚ ፈስቲቫል እዚ ብቁጽሪ ኣዝዮም ብዙሓት ኤርትራውያን ዝሳተፍዎ ንሰለስተ ማዓልታት ዝካየድ ዝጠልቦ ጉልበት ሰብን፡ ግዜን፡ ገንዘብን፡ ናውትን ፍልጠትን ክሳብ ክንደይ ምዃኑ እቶም ሚእቲ ብሚእቲ ተወፍዮም ዘካይድዎ ብዓቢኡ፡ እቶም ገለ ሰዓታት እንተሓባበር ብኸፊሉ እኳ ንፈልጦ እንተኾና፡ እቶም ነገድቲ ኮና እንመጽእ’ውን ከምንግንዘቦ ርዱእ እዩ። እዚ ፈስቲቫል’ዚ ፈስቲቫል ሃገር ድኣንበር ማሕበር ወይ ዕቁብ ኣይኮነነ ንኣባላቱ ጥራሕ ዘሳትፍ። ውራይ ኩልና ብፍላይ ከኣ ውራይ ናይዞም ኣብ ኦክላንድን ከባቢኣን እንርከብ ዜጋታት ስለ ዝኾነ ተሳትፎና ብዝለዓለ ክኸውን ይግባእ። ከምቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ነርእዮ ዝነበርና ተወፋይነት ከነርኢ ምተገብኤ። እዞም ነዚ ፈስቲቫል ዓመት ዓመት ዘካይዱዎ ውፉያት ከም ነፍሲ ወከፍና ናብራ ኣለዎም፡ ሰሪሖም ዝነብሩ ሕልፈና ረብሓ ዘይብሎም ግን ሕልፊ ኩልና ዝዕጠቑ ኣሓትናን ኣሕዋትናን መንእሰያትናን ክምስገኑ ይግባእ። ምስጋና ምስኦም ኣብ ስራሕ ብምስታፍ፡ ኣብ ውራይ ኣብ ክንዲ ጋሻ ምዃን ዋና ምዃን፡ ኣብቲ ንሶም ዘበርክትዎ ኢድካ ምሕዋስ ወዘተ...የድሊ።

ፈሲቫልና ክንዮ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጥቕምታት ዓቢ ፖሎቲካዊ ረብሓ እውን ኣሎዎ። ሓድነት ሓይሊ እዩ ከምዝበሃል፡ ሳላ ሓድነትና ኢና ነቲ ዘይሰዓር ዝመስል ኣርዑት ባርነት ሲዒርና ከም ጸሓይ ብራቕ መሰም ዝበልና። ሕጂ’ውን እቲ ሓድነት ኣብ ቦታኡ ይሃሉ እንበር ከም ናይቀደም ከምዘይኮነስ ኩልና ንሕልናና ንሕተት። ኣብ ክንዲ ፈስቲቫል መዓስ እዩ ዝውዕል ኢልና ሓተቲ ንኸውን መለስቲ ክንከውን ይግባእ። ነቶም ካብ ርሑቕ ዝመጹና ደቂ ሃገር ኣጋይሽና ተቐበልቲ ክንከውን ይግባእ። ከምቲ ሓሙሳ (50) ለሚን ንሓደ ጾር፡ ንሓምሳ ግን ጨና ዝበሃል፡ እቲ ውራይ ኣብ እንግድዓ ውሑዳት ጾር ምዃን ኩልና ጨጭራም ንካፈሎ። ናህና ሸለልትነት ንደቕና ሕማቕ ኣብነት ምዃኑ ኣይንዘንግዕ።

ዓመት ዓመት ዝስማዕ ዘረባ እውን ኣሎ። ነቲ ክብደቱን ዝወስዶ ግዜን ቁጠባን ኣብ ግምት ከየእቶኻ እዚ ጎዲሉ፡ መእተዊ በዚሑ፡ ወዘተ..ምዕዝምዛማት ይርኤ እዩ። ክንፈልጦ ዝግብኣና፡ 1)ተኸፊሉ ዝሰርሕ የልን። ኩሉ ፍቓደኛ እዩ። 2) ውህሉል ባጀት የብሉን። ወጻኢኡ ካብ ኣታዊኡ እዩ ዝሽፈን። ብዝሒ ተሓባበርቲ እንተዘየለ እሞ እቲ ኣታዊ እኹል ምስዘይከውን፡ እቲ ጽዕነት ኣብቶም ዉፉያት ይወድቕ። ስለምንታይ ዝብል ለባም ሓታታይ ምስ ዝሓትትስ እቲ መልሲ እንታይ ኮን ምኾነ? ሕጂ'ውን መለስቱ እቶም ከም ኣጋይሽ ድኣንበር ከም ሰብ ውራይ ጌርና ዘይንርእያ ንነብስና ንምልሶ ሕቶ ኣዩ።

ብፍላይ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኤርትራዊ ማሕበረ ኮም ተጠርዩሉ ዘሎ ደቕታውትና ክሳተፍዎ ከምዘለዎም ከነተባብዖም ኣሎና። ኣሓት ምስ ኣሕዋትን፡ ኣሕዋት ምስ ኣሓቶም ክላለዩሉ ዝኽእሉ ሙቹእ ባይታ ኣሎ። ብፍላይ ከኣ እቶም ደቕታውትኹም ትሕቲ ዕድመ ዝለውኹም እዚ ወርቃዊ ዕድል ክትጥቀሙሉ ኣሎኩም። ዋላውን እንተወሓደ ኣብ ወርሒ ሓንቲ መዓልቲ ሒዝኩሞም ኣብኡ ከተዘናግዕዎም ፈቱኑ። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ዕድል ብዘይምንባሩ ደቕና ናናብ ዝመስሎም ክመሃሩን ክሰርሑን ተዋፊሮም እዮም። ኣብ ዘይተደለ ማእዝን ዘቕንዑ'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ንዕኦም ክንሓሚ ኣይግባኣናን። እቲ ሕመቕ፡ ትህኪት፡ ኣሉታዊ ኣበሃህላ ካባና ዘንጸባርቑዎ እዩ። ኣብ ባዕላዊ ውራያት፡ ምረቓታት፡ ጥምቀታት፡ ዑቁባት፡ ንግደታት፡ ሓዘናትን መርዓታትን ክሳብ ርሑቕ ተጓዒዝና ንሳተፍ ኣኢና። ጽቡቕ ባህሊ እዩ። ደቕታውትና ክስዕብዎ ዝግባ እዩ። ንተን ሃገራውያን በዓላትና እንተወሓደ ከምዘን ካልኦት እንገሸለን ከነብዕለን ይግብኣን። ፈስቲቫልና ከኣ ሓደ ካብኡ እዩ።

ሎሚ ዓመት እውን ከምቲ ልሙድ ፈስቲቫልና ኣብ ወርሒ ነሃሰ (August) ስለ ዝኾነ እቶም ወደብቱ መዓልቱን፡ ዘድሊ ሓበረታታን ብወግዒ ኣብ መርበብ ሓበረታታን፡ ኮምኡ እውን ኣብ ማእከል ማሕበረ ኮማትን ክዝርጋ ስለ ዝኾነ፡ ኩልና እንታይ ክንሕግዝ፡ መደብ ሃቡና፡ ምሳኹም ኣሎና ንበሎም። ክሳብ ሓሬበታ ዝወጽእ ክንጽበ'ውን ኣየድልየናን እዩ ካብ ሕጂ ኣብ ማሕበረ ኮም ኦክላንድ እናደወልና ምትሕብባርና ነግህደሎም። ሰናይ ፈስቲቫል ክኾነልና ዘለኒ ምንዮት እናገለጽኹ፡ ኩልና ብሰለም ኣብእ የብጽሓና።

ስውኣትና ብኣና ይደበሱ።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።